# ኣምላኽ ንዮሴፍ ኸም ዘኽበሮ



ጸሓፊ :- Edward Hughes
ገላጺ :- M. Maillot; Lazarus; Alastair P.
ኣወሃሃዲ፣ M. Maillot; Sarah S.
ትርጉም ፥ Daniel Efrem
ኣባዚሒ:- Bible for Children

www.M1914.org

BFC
PO Box 3
Winnipeg, MB R3C 2G1
Canada

©2021 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ። ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

ዮሴፍ፡ ብዘይገበሮ ነገር እዩ ጶጢፋር
፡እቲ ሓለቅኡ ዝነበረ ፡ኣእሲርዎ። ኣብቲ
ቤት ማእሰርቲ ውን ዮሴፍ
ከምቀደሙ እሙንን እዙዝን ነበረ።
በዚ ምኽንያት ድማ እቲ ሓለቃ ቤት
ማእሰርቲ ኣመኖ፡ ኩሉ ናይቲ ቤት
ምእሰርቲ ዕዮ ድማ ዮሴፍ
ይሰርሖን የመሓድሮን
ነበረ። ኣምላኽ ምስኡ
ስለዝነበረ ድማ
እቲ ቤት ማእሰርቲ
ዝሓሸ ቦታ ኮነ።




ናይ ንጉስ ሰንካቲ እንጀራን ኣሰላፊ ሜስን
ከኣ ኣብቲ ቤት ምእሰርቲ ነበሩ።
"ንምንታይ ሓዚንኩም ኣለኹም?" ኢሉ
ሓተቶም ዮሴፍ ሓደ ግዜ። " ዋላሓደ ሓደ ሰብ
እኳ ሕልምና ክፈትሓልና ኣይክእልን እዩ።"
በለ ሓደ
ካብኣቶም።
"ኣምላኽ ግን ይኽእል እዩ!"
በለ ዮሴፍ። "ሕልምኻ ንገረኒ"
ድማ በሎ።



"ሕልምኻ ክትርጎም ከሎ፥ ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ፡ ንጉስ ፈርኦን ናብ ናይ ቀደም ቦታኻ ክመልሰካ እዩ" በሎ ነቲ ናይ ንጉስ ኣሰላፊ ሜስ። ወሲኹ ዮሴፍ "ምስ ወጻእካ ንንጉስ ንፈርኦን ካብዚ ከውጽኣኒ ከይትርስዕ!፥ ንገረለይ" በሎ።ናይቲ ሰንካቲ እንጀራ ሕልሚ ግን ሕማቅ ነበረ። "ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ክትመውት ኢካ" ድማ በሎ። ከምቲ ዝበሎ ውን ኩሉ ተፈጸመ።

እቲ  ኣሰላፊ ሜስ ከኣ ፡ክሳብ ፈርኦን ሓደ ግዜ ብሕልሚታት ዝሸገር፡ ን ዮሴፍ ረስዖ። "ብሕልምታት እኮ ተሳቅየ!" በለ ንጉስ ፈርኦን ብ ሓዘን። ዋላሓደ ካብቶም ጠቢባኑ ግን ሕልሙ ክፈትሓሉ ኣይክእለን።



ብድሕርዚ ግን እቲ ኣሰላፊ ሜስ ን ዮሴፍ ዘከሮ። ን ፈሮን ድማ ብዝዕባ ዮሴፍ ነገሮ።

ድሕሪዚ ፈርኦን ንዮሴፍ ፈቲሑ ኣምጽኦ። "ሕልምታትካ ካብ ኣምላኽ መልእኽቲ እዩ" በሎ ዮሴፍ ንንጉስ። "ኣብ ግብጺ ሸውዓተ ዓመት ጽጋብ ክኸውን እዩ፡ ብድሕሪኡ ድማ ሸውዓተ ዓመት ጥሜት ክኸውን እዩ።" ኢሉ ትርጉም ሕልሙ ነገሮ ዮሴፍ ንንጉስ ነገሮ።



" ካብተን ሸውዓተ ዓመት ጽጋብ፡
ነቲ ዘመን ጥሜት ዝከውን መግቢ
ኣቀምጥ" ኢሉ ምክሩ ንፈርኦን ነገሮ።
"እዚ ተዘይኮይኑ ግን ኩሉ እቲ ህዝቢ
ብጥሜት ክመውት እዩ"
በሎ። "ኣምላኽ ምሰኻ
ኣሎ ዮሴፍ!" በሎ ፈርኦን
ንዮሴፍ። "ንዓካ
ኣብልዕሊ ኩላ ግብጺ
ክሸመካ እየ፡ ኣነ
ፈርኦን ጥራይ እየ
ካባኻ ብስልጣን
ዝዓቢ" ኢሉ
ፈርኦን ኣወጀ።



ሸውዓተ ዓመት ጽጋብ ድማ ኮነ፡ ብድሕርኡ ድማ ሸውዓተ ዓመት ጥሜት ኮነ። መግቢ ኣብኩሉ ቦታ ተሳእነ፡ ኣብ ግብጺ ግን ብጥበብ ብዙሕ እኽሊ ስለዘቀመጡ መግቢ ነበረ። ኣብ ዓዲ ዮሴፍ ውን ጥሜት ነበረ፡ ስለዚ ስድራቤቱ መግቢ ኣይነበሮምን።



ካብ ኩሉ ዓድታት ሰባት እኽሊ ክገዝኡ ናብ ግብጺ ክመጹ ጀመሩ። "ንስኻትኩም ውን ናብ ግብጺ ክትከዱ ኣለኩም" በሎም ያቆብ ንደቁ፡ "ወይ ድማ ብጥምየት ክንመውት ኢና" ወሰኸ። ሽዑ ናብ ግብጺ መግቢ ክገዝኡ ከዱ።



ኣብ ቅድሚ እቲ ንኲላ ግብጺ ዝገዝኣ ዝነበረ ገዛኢ ከኣ ኩሎም ደቂ ያቆብ ሰገዱ። ንሓዎም ዮሴፍ ኣየለልይዎን። ዮሴፍ ግን ኣለለዮም።ዮሴፍ ነቲ ናይ ንእስነቱ ሕልሚ ዘከሮ። ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ኩሎም ኣሕዋቱ ልዕል ኣበሎ።



ዮሴፍ ጥበበኛ ሰብኣይ እዩ ነይሩ። ዓው ኢሉ ተዛረቦም፡ ንሓዉ ስሞኦን ድማ ክሳብ ዝመጹ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣእተዎ። "መግቢ ሒዝኩም ናብ ቤትኩም ኪዱ፡ ነቲ ንእሽተይ ሓውኹም ሒዝኩም እንደገና ናብዚ ተመለሱ" ኢሉ ኣዘዞም።



"በዚ ድማ ሰለይቲ ከምዘይኮንኩም ክፈልጥ እየ"
በሎም። ሽዑ እቶም ኣሕዋት፡ በቲ ቅድሚ ገለ
ዓመታት ንዮሴፍ ብምሻጦም ኣምላኽ
ይቀጽዓና ኣሎ ኢሎም ሓሰቡ።



"እቲ ሒዝናዮ ዝኸድና ገንዘብ ምሳና ጾኒሑ፡ እንደገና እቲ ኣዛዚ ናይ ኩላ ግብጺ ንቢንያም ሒዝናዮ ናብኡ ክንመጽእ ኣዚዙና" ያቆብን ደቂን በቲ ዝከውን ዘሎ ተገርሙ።
ያቆብ ቢንያም ምስኦም ክኸይድ ኣይፈተወን፡ ብድሕሪኡ ግን እቲ ዘምጽእዎ፡መግቢ ስለዝተወድእ ንቢንያም ሒዘሞ ናብ ግብጺ ወረዱ።



ዮሴፍ ንቢንያም ምስርኣዮ፡ ዓቢ ምሳሕ ክገብሩ ንገላውኡ ኣዘዞም። ኩሎም ኣሕዋቱ ድማ ምስኡ ነበሩ። "ኣቦኻ ብድሓን ብሂወቱ'ዶ ኣሎ፧" ዮሴፍ ሓተተ። ንሱ ንኩሎም ስድራኡ ከመይ ከምዝረኽቦም ይሓስብ ነበረ።



ዮሴፍ፡ ኣሕዋቱ በቲ ዝሓለፈ በደሎም ተጣዕሶም ምኳኖም ድማ ክፈልጥ ደልዩ ነበረ። ብድሕሪ እቲ ምሳሕ ድማ ዮሴፍ ሰሪቕኩምኒ ኢሉ ከሰሶም። "በቲ ዝገበርኩምዎ ገበን፡ ንቢንያም ከም ባርያይ ክገብሮ እየ" በለ ዮሴፍ። "ጎይታይ! በጃኻ ኣብ ክንድኡ ንዓይ ኣብ ክንዳኡ



ውሰደኒ" በለ ይሁዳ ብዓውታ። በዚ ድማ ፡እቲ ዮሴፍ ንክሸየጥ ሓሳብ ዘምጽእ ይሁዳ፡ ከም ዝተለውጠ ፈለጠ።



ካብዚ ንላዕሊ ዮሴፍ፡ እቲ ንኣሕዋቱ ዘለዎ ፍቕሪ ክሓብኦ ኣይክኣለን። ንኹሎም ምስኡ ዝነበሩ ግብጻውያን ካብቲ ቤት ኣውጽኦም። ዮሴፍ ብሓዘን" ኣነ ሓውኹም ዮሴፍ እየ፡ እቲ እኳ ናብ ግብጺ ዝሸጥክሙዎ ሓውኹም" በሎም። ኣሕዋቱ ብጣዕሚ ተገረሙን ፈርሑን፡ ዋላሓንቲ ድማ ኣይተዛረቡን።

"ኣምላኽ ኣብ ግብጺ ገዛኢ ገበረኒ፡ ስለዚ ህይወትኩም ካብዚ ጥሜት
ከድሕና እየ። ኪዱ፡ ንኣቦይ ከኣ ናብዚ
ኣምጽእዎ ክከናኸነኩም



ድማ እየ" በሎም።
ያቆብን ዮሴፍን ድማ
እንደገና ኣብ ግብጺ ተራኸቡ፡
ኩሉ ስድራቤት ዮሴፍ ድማ
ብሰላምን ዕረፍትን ብጽጋብ
ይነብሩ ነበሩ።

# ኣምላኽ ንዮሴፍ ኽም ዘኽበሮ

ዘንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ዘፍጥረት 39-45

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፥130

መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና
ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና
ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን
ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ
የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም
ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን
ኣበሳናን እቕረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ
ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ
ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ
ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ
ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ
ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ! የውሃንስ
3፡16